# ርእይቶታትን ትዕዝብቲታትን ኣርባዕተ ኣህጉራውያን ተመራመርቲ ብዛዕባ ኤርትራ

ዶ/ር ኣሕመድ ሓሰን ድሕሊ

ብርክት ዝበሉ ጽሓፍትን ተመራመርቲን ኣዕሩኽ ኤርትራ ኣብ ብሩራዊ ኢየቤሉ በዓል ናጽነት ኤርትራ ኣብ ዝተሳተፍሉ እዋን፡ ኣብ ሃገራውያንን ኣህጉራውያንን ማዕከናት ዜና ርእይቶታቶምን ትዕዝብቲታቶምን ሂቦም ነይሮም። ካብዚ ቀጺልና እምበኣር ጽማቕ ርእይቶታትን ትዕዝብቲታትን ናይ ኣርባዕተ ካብኣቶም ነቕርብ።

**ዶክቶር ኢብራሂም ነስረዲን**



**ምስራዊ ተመራማሪ፡-**

ዶክቶር ኢብራሂም ነስረዲን ምስ ጋዜጣ "ኤሪትርያ ኣልሓዲሳ" ኣብ ዝገበሮ ርክብ፡ ብፖለቲካውን ወተሃደራውን መዳይ ኣብ ሓርነታውያን ምንቅስቓሳት ኣፍሪቃ ብዘለዎ ተመኩሮ፡ ሰውራ ኤርትራ በዚ ዝስዕብ ምኽንያታት ናይ ብሓቂ ሓርነታዊ ምንቅስቓስ ክበሃል ዝከኣል ምንቅስቓስ ኣፍሪቃ'ዩ ምስ ገለጸ፡ ምኽንያታቱ ብኸምዚ ዝስዕብ የብርህ።

**ቀዳማይ፡-** ሰውራ ኤርትራ ተፈላጥነት ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ ኣብ ዘይረኸበሉ ኩነታት ተመስሪቱ ከብቅዕ ብጽንዓት ቀጺሉ ድማ ተዓዊቱ።
**ካልኣይ፡-** ነቶም ምስ ተኸታተልቲ ስርዓታት ሃጸይ ሃይለ ስላሰን ኮሎኔል መንግስቱ ሃይለማርያምን ደው ዝበሉ ምዕራባውያንን ምብራቓውያንን ደምበታት ንበይኑ መኪቱዎም ኣብ መጨረስታ ድም ተዓዊቱ።

**ሳልሳይ፡-** ሰውራ ኤርትራ ንመላእ መሬቱ ብዕጥቃዊ ቃልሲ ሓራ ብምውጻእ ንጸላኢ ኣብ ውሻጠኡ ኣዲስ ኣበባ ኣትዩ ዝሰዓረ እንኮ ሰውራ እዩ። እዚ ስርሒት'ዚ ድማ ኣብ ታሪኽ ሓርነታውያን ምንቅስቓሳት ተራእዩ ዘይፈልጥ እዩ።
**ራብዓይ፡-** ሰውራ ኤርትራ ኣብ ህልዊ ዘመና፡ ደቀንስትዮ ኣብ ጎኒ ደቂተባዕትዮ ኮይነን ዝተቃለሳሉ እንኮ ሰውራ እዩ።

**ሓሙሻይ፡-** ሰውራ ኤርትራ ንኩሉ ጸጋታት ሰብ፡ እምባታት፡ ኣግማልን ሽዳን ብግቡእ ዝተጠቅመ እንኮ ሓርነታዊ ምንቅስቓስ እዩ። እዚ ድማ ንኩሉ ኣብ መስርሕ ሓርነታዊ ቃልሲ ዝተሳተፈ ጽቡቕ ስም ዘትረፈ ብምዃኑ ክብሪ ዝወሃቦ እዩ።

እቲ ምስራዊ ተመራማሪ ንኩነታት ኤርትራ ኣመልኪቱ ድማ "ጽንብላት ናጽነት ንምዕዛብ ኣብ ጐደናታት ኣስመራ ምስ ወረድኩ፡ ሓጐሱ ዝገልጽ ኣሸሓት ህዝቢ ኣብ ጽርግያታት ምስ ርአኹ፡ ህዝቢ ኤርትራ ብምልኡ ነቲ በዓል ንምምዕራግ ናብ ጐደናታት ዝወጸ ኮይኑ'ዩ ተሰሚዑኒ። ሽው እቲ ኣብ ካይሮን ወጻኢን ምስ ገለ ኤርትራውያን ኣብ ዝገብሮ ዝነበርኩ ዘተታት ዝዛረቦ ዝነበርኩ ሓቂ ምንባሩ ዘኪረ። ኣብ'ቲ ዘካይዶ ዝነበርኩ ዘተታት ኣብ ክንዲ ብዛዕባ'ቶም ሃገራዊ ኣገልግሎት ካብ ምፍጻም ዝሃድሙ ሰባት ምዝራብ ንሓቀኛ ኩነታት ኤርትራ ንምፍላጥ ናብ ኤርትራ ክትከዱ ኣለኩም፡ ሃገራዊ ኣገልግሎት ድማ ኣብ ኤርትራ ጥራሕ ዘይኮነ ኣብ ኩለን ሃገራት ዓለም ዝስርሓሉ ሃገራዊ ግቡእ'ዩ ይብሎም ነይረ" ክብል ገሊጹ።
ህዝቢ ኤርትራ ምስ ካልኦት ህዝብታት ብምንጽጻር ናይ ብሓቂ ሕልሚ ዘለዎ ዓቢ ህዝቢ እዩ። ንኩሉ'ቲ ብኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊኡ ዝተፈጸመ በደልን መድመይቲን መሪር እዋንን ረሲዑዎ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኢትዮጵያ'ውን ቅርሕንቲ ኣይገበረን። ኤርትራ ድሕሪ ናጽነት ነታ ንዓመታት ዘድመየታ ጎረቤታ ኢትዮጵያ መርሓባ ብምባል ምስኣ ብዙሕ ናይ ምትሕግጋዝ ስምምዓት ኸቲማ። እንተኾነ ግን ብኣንጻሩ ኢትዮጵያ ካብ

ሕሉፍ ጌጋታት መራሕታ ከይተማህረት ንካልኣይ ግዜ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ኲናት ከፊታ።
ኣብ ውሽጢ'ቲ በዓሉ ዝጽንብል ዝነበረ ብዙሕ ህዝቢ ኣብ ዝንቀሳቐሰሉ ዝነበርኩ እዋን እዚ ዝስዕብ ተዓዚበ፦

1- እቲ ህዝቢ ካብ መጠን ንላዕሊ ብዙሕ ነይሩ።
2- ካብ ዝተፈላለዩ ብሄራት ምኺኑ ድማ ፈሊጠ።
3- ናይ'ቲ መስርሕ ንጥፈታት ከምቲ ኣብ ካልኦት ሃገራት ዓለም ብዙሕ ህዝቢ ክወጽእ ከሎ ዘጋጥም ባእሲን ህውከትን ዘይብሉ ሰነትን ሓጐስን ዝሰፈኖ ነይሩ።

ኣስዒቡ ዶክቶር ኢብራሂም ነስረዲን፡ “ኢትዮጵያ ንውሳነ ኮምሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ምንጻጋ ንኣህጉራዊ ሕጊ ዝጥሕስ እዩ። ከምቲ ግቡእ ባይቶ ጸጥታ ነቲ ውሳነ ንምትግባር ኢዱ ከእቱ ነይሩዎ። እቲ ዘሕዝን ግን ኣይገበሮን። ኤርትራ ኣብ'ዚ ጉዳይ'ዚ ብፍላይ ከኣ ኣብ'ዚ መድረኽ'ዚ ዝወሰደቶ መርገጺ ልቦና ዝመልአ እዩ። ኤርትራ ባድመ መሬታ ምኺኑ ዘረጋግጽ ሕጋዊ ሰነድ ወኒና ኣላ። ስርዓት ኢትዮጵያ ከኣ ኣብ ትሕቲ ጽዑቕ ከንክን ኣሜሪካ ዝነብር ዘሎ እዩ። ስለዚ ከኣ ግዜ ይንዋሕ ይሕጸር ንኣህጉራዊ ሕጊ ክንብርከኽ እዩ” ክብል ኣብሪሁ።
ኣብ መደምደምታ እቲ ምስራዊ ተመራማሪ፡ “ እዚ ብምዕራባውያን ሓይልታት ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝተበየነ እገዳ፡ ብመሰረቱ ኣንጻር መንግስቲ ኤርትራ ዝቀንዐ ዘይኮነስ ህዝቢ ኤርትራ ንምምብርካኽ ዝዓለመ እዩ። እቲ ኩሉ ምስ የመን፡ ጂቡቲን ኢትዮጵያን እናተባህለ ዝለዓል ናይ ዶብ ጉዳይ ድማ ዕላማኡ ንኤርትራ ኣብ ቀጻሊ ዘይርጉእ ኩነታት ብምእታው መስርሕ ልምዓት ንምዕንቃፍ እዩ” ክብል ሓቢሩ።

**ኮሌት ብራክማን**



**ቤልጁማዊት ጽሓፊት፡-**

ኮሌት ብራክማን ኣብ እዋን ሰውራ ኣብ ግንቦት 1977 ኣብ ሓራ መሬት በጺሓ ነይራ። ንሳ ብዛዕባ ከተማ ከረን ፍሉይ ተዘክሮ'ዩ ዘለዋ። ከምቲ ዝሓበረትኒ ድማ ናይ ንእስነት ተዘክሮታታ ንምምላስ፡ ኣብ ብሩራዊ ኢየቤሉ በዓል ናጽነት ድሕሪ ምስታፋ ብቐጥታ ናብ ዋና ከተማ ዞባ ዓንሰባ ከተማ ከረን'ያ ከይዳ። ኣብ ጐደ ናታታ እናተዘዋወረት ድማ ኣብ ገለ ካብ'ቲ ድሕሪ 40 ዓመታት ዘይረስዓቶ ቦታታት ሻሂ ሰትያ። ንሳ በቲ ኣብ ከተማ ከረን ዝተፈጸመ ህንጻዊ ስራሓት፡ ጥዕናዊ፡ ማሕበራውን ቍጠባውን ልምዓታት ኣመና'ያ ተገሪማ። ብዛዕባ ኤርትራ ኣብ ባይታ ዝካየድ ዘሎ ንጥፈታት ብኣካል ከይተዓዘበ ዝመስሎ ዝጽሕፍ ሰብ ብዙሕ'ዩ ምስ በለት ድማ፡ ነቲ ኮነ ኢሉ ካብ ፖለቲካዊ ሕሳባት ተበጊሱ ንመሬትን ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ዘጸልም "ኤርትራውያን" ዝብል መጽሓፍ ዝደረሰ ሊዮናርድ ፈንሳን ጥቒሳ። ኮሌት ብራክማን "ሉስዋር" ኣብ ዝተባህለት ሓንቲ ካብ ዓበይቲ ጋዜጣታት ቤልጁምን ጋዜጣታት ፍራንክፎን ኣብ ዘለዋ "ተዘክሮታት ኮሌት ብራክማን" ዝብል ዓምዳ፡ ኤርትራ ብሩራዊ ኢየቤሉ ናጽነታ ዘኽበረትሉ እዋን፡ ብዙሓት ኤርትራውያን ካብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ፡ ከናዳ፡ ሃገራት እስካንዲናቭያን ካብ መላእ ሃገራት ኤውሮጳን ናብ ሃገሮም ዝመጽእሉ ኣጋጣሚ ምንባሩ ኣረዲኣ። እዛ ቤልጁማዊት ጽሓፊት ንኤርትራ "ሰሜን ኮርያ ኣፍሪቃ" ኢሎም ምግላጾም ከም ዘገረማ ብምጥቃስ፡ ናይ ግድን ምንጽጻር እንተ ኮይኑ

ግን ከም ሰሜን ኮርያ ዘይኮነትስ፡ ንኩባ ኣብተን ቀዳሞት ዓመታት ናይ ፊደል ካስትሮ ከም እትቀራረብ ሓቢራ። ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ንምእንቲ ናጽነት ኤርትራ ዕድሚኡ ዘሕለፈ ምኳኑ ብምምልካት ድማ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት መላእ ቀርኒ ኣፍሪቃ ብድርቂ ምስ ተጠቅዐ ብኣንጻር ናይ ኢትዮጵያ መንስቲ ኤርትራ ናይ መግቢ ትሕጃ ስለዝነበሮ ህዝቢ ኤርትራ ከምዘይጠመየ ሓደ መንነቱ ዘይገለጸቶ ምዕራባዊ ዲፕሎማሰኛ ሓቢሩ ምንባሩ ኣብሪሃ። ኮሌት ብራክማን ብምቅጻል ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ወኪል ፕሮግራም ልምዓት ክርስቲና ኦምቲኒ፡ ኤርትራ ነቲ ኣብ ህጻናት ዝርአ መጠነ ሞት ንምጉዳልን ዕድመ ህጻናት ንምንዋሕን ዝርግሐ ትምህርቲን ኣገልግሎት ጥዕናን ኣብ መላእ ሃገር ንምዕባይን ዝዓለመ ዕላማታት  ሚለንዩም ኣብ ምዕዋት ከም እትርከብ ብኣሃዝ ዝተሰነየ መብርሂ ከም ዝሃበታ ኣረዲኣ። ኤርትራ ከም ሰውራ ኩባ ኣብ ኩነታት ከበባን ዓማጺ እገዳ እንከላ'ያ ነዚ ዓወት'ዚ ከተረጋግጽ ክኢላ። ስለዚ በዚ ዝተጠቕሰ ሓቂታት ብዝሒ ኤርትራውያን ስደተኛታት ድሕሪ ሶርያ ካልኣይ ደረጃ ክሕዙ ዘኽእሎም ዝኾነ ይኹን ሞነታዊ ሓቂ ከምዘየለ ጠቒሳ፡ ብብዝሒ ኢትዮጵያውያን፡ ሶማላውያንን ደቂ ደቡብ ሱዳንን ከም ስደተኛታት ተቀባልነት ምእንቲ ክረኽቡ ጥራሕ ሰነዳት መንነቶም ኣንዲዶም ኤርትራውያን ኢና ከም ዝብሉ ኣረዲኣ።

**ፕሮፌሰር ሓሰን መኪ**



**ሱዳናዊ ተመራማሪ**

ፕሮፌሰር ሓሰን መኪ፡ ህዝቢ ኤርትራ ሓርነትን ኣግእዞን ንምዕዋት ዘካየዶ መስርሕ ንምንጽብራቕ ዘርኣዮ ምውሳእ ዘደንቕ'ዩ ምስ በለ፡ ሃገራውነት ኣብ ኤርትራውያን ነዊሕ ሱር ዘለዎን ነቲ ኣብ ዕጥቃዊ ቃልሲ ንጎቦታቱን ጎላጉሉን ብደሞም ዘርወይዎ ሃገሮም ዘለዎም ፍቕሪ ዶብ ዘይብሉ ምዃኑን ከም ዝተረጋገጸሎም ኣረዲኡ። በዚ ከኣ ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት ኣብ ባሕሪ ደም ዝጠጥዐ ምዃኑ ብምምልካት፡ ኤርትራውያን ንመዓልቲ ናጽነቶም ብኸምዚ ዝኣመሰለ ዓቢ ኣገባብ ምኽባሮም ንተዓዘብቲ ዘገረመ'ዩ፡ ኤርትራውያን ኣሽሓት ሰማእታት ብምኽፋል ሃገሮም ሓራ ንምውጻእ ዘርኣይዎ ጅግንነት ጥራሕ ዘይኮነ፡ ኣብ'ቲ ኣብ 1998 ዝተኻየደ ናይ ዶብ ኲናት ንሃገራዊ ሉኣላውነቶም ንምክልኻልን ዓንድታት ዘመናዊ ሃገሮም ንምውሓስን ዝፈጸምዎ ቅያ ንዓለም ዘደንጸወ ብርቂ ፍጻመ ምንባሩ ሓቢሩ።

ሱዳናዊ ጸሓፊ ዘረባኡ ብምቕጻል፡ ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ብኣጋጣሚ ብሩራዊ ኢየቤሉ ናጽነት ኣብ ዘስምዖ መደረ፡ ኤርትራ ዘይትፍለ ኣካል ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃን ቀይሕ ባሕሪን ማእከላይ ምብራቕን ምዃና ከም ዝሓበረ ጠቒሱ፡ እዚ ድማ ሃገረ ኤርትራ ምስ ሃገራት'ዚ ዞባ ዝበለጽ ዝምድና ንምቛም ልዑል ድሌት ከምዘለዋ ዘረድእ ምዃኑ ሓቢሩ። ንሱ ኣስዒቡ መሪሕነት ኤርትራ ንኤርትራ ከቢቡ ዘሎ ፖለቲካውን ባህላውን ኩነታት ጽቡቕ ከም ዝርድኦ ገሊጹ። ፕሮፌሰር ሓሰን መኪ ኤርትራ ከምቲ ንሳቶም ዝምነይዎ ገነት ቀርኒ ኣፍሪቃ ንኽትከውን ናይ ጎረባብታ ሃገራት ኣፍሪቃ ተለዋዋጢ

መርገጺታት ከትጽመሞ ከምዘለዋ ብምሕባር፡ ውሳነ ኮምሽን ዶብ ብዝምልከት ይንዋሕ ይሕጸር ሕጊ ባህርያዊ መስርሁ ሒዙ ክትግበር ምዃኑ ኣፍሊጡ።

**ማሪ ሃርበር**



**ጋዜጠኛ ሬድዮ ቢቢሲ**

ማሪ ሃርበር ምስ ጋዜጣ ኤሪትርያ ፕሮፋይል ኣብ ዝገበረቶ ርክብ፡ ቅድሚ ናብ ኤርትራ ምምጽኣ፡ ኣብ ኤርትራ ሰባት ምስ ጋዜጠኛታት ክዛረቡ ከም ዘይደልዩ ዝሕብር ጸብጻባት ከም ዘንበበትን ጸብጻባት ኮምሽን ሰብኣዊ መሰላት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ንጉዳይ ኤርትራ ብሕማቕ ከም ዝገልጾን ኣረዲኣ። እንተኾነ ግን  ኩሉ ሰብ ምሳና ክዛረብ ድሌት ከም ዘለዎ ምስ ርኣኹ ሃንደበት ኮይኑኒ ኢላ። ብሕማቕ ኣገባብ ስእሊታት እናልዓሉ ከለዉ ኩሉ ሰብ ምስኦም ክዘራረብ ዝያዳ ሕጉስ ምዃኑ ምርኣያ ድማ ልዕሊ ኩሉ ከም ዘገረማ ሓቢራ። ምስ ካልኦት ዋና ከተማታት ኣፍሪቃ ብምንጽጻር ድማ ከተማ ኣስመራ ጽርይቲን ለይቲን መዓልቲን ሰላም ዝሰፈናን ምዃና ኣብሪሃ።  ቆልዑን ደቀንስትዮን ክሳብ ሰዓት 11.00  ብዘይ ፍርሒ ክንቀሳቐሱ ምርኣያ ኣዝዩ ከም ዘደነቓን ኣብኦም እቲ ተርእዮ ተራ ነገር ምዃኑን ድማ

ትገልጽ። ምስ ኣሰብኡት፡ ቆልዑ፡ ደቀንስትዮ፡ ሚኒስተራትን ላዕለዎት ሰበ-ስልጣን መንግስትን ከም ተራ ዕላል ገይራ ከም ዝተዘራረበትን ኣብ ክንዲ ብጽሑፍ ከምኡ ዓይነት ኣገባብ ከም እትመርጽን ድማ ትሕብር። ኤርትራ ኣብ መንጎ ከተማን ገጠርን ምዕሩይ ምዕባለ ንምርግጋጽን ፍትሓዊ ምቅርሐ ጸጋታት ንምውሓስን ኣብ ገለ ዓበይቲ ከተማታት ዘይምትኳር ዝብል እትኽተሎ ፖሊሲ ኣመና ኣቓልቦኣ ከም ዝሰሓበ ድማ ተረድእ። እዚ ከኣ ነቲ ኣብ መንጎ ሃብታማትን ድኻታትን ዘሎ ፍልልይ ከምዘጽበበን ብደረጃ ኣፍሪቃ ጥራሕ ዘይኮነ ብደረጃ ኤውሮጳ'ውን ፍሉይ ተርእዮ ምዃኑ ሓቢራ።

ኣብ ወጻኢ ምስሊ ኤርትራ ሓቀኛ ብድሆታት ይገጥሞ ከምዘሎ ዝሓበረት ጋዜጠኛ ቢቢሲ፡ ኤርትራውያን ዘለዎም ባህላዊ ምቅሉልነት ብዛዕባ ነፍሶምን ዓወታቶምን ከዛረቡ ዘየፍቅደሎም'ኳ እንተኾነ፡ ንክውንነት ዘንጸባርቕ ጭቡጥ መርትዖታት ደረጃ ብደረጃ ምቅራቡ ዘይተርፍ ምዃኑ ግን ኣረዲኣ።

ኣርባዕተ ጸሓፍቲ፡ ተመራመርቲን ጋዜጠኛታትን ዓረብን ኣፍሪቃን ከምኡ ድማ ምዕራባውያን ኣብ ባይታ ብዘረጋገጽዎ ንክውነት ኤርትራ ብዘይጎደል ከምዘለዎ ዝገልጽ ካብ'ቲ ብዘይካ'ነቶም ኣራእሶም ኣብ ሑጻ ዝደፍኑ ጥራሕ እንተ ዘይኮይኑ ንካልእ ከደናግር ዘይክእል ኣብ ሓሶት ዝተሰረተን ንሚካፈልያ ኣጀንዳ ዘገልግልን ጸብጻባት "ኮምሽን ሰብኣዊ መሰላት" ዝተፈልየ ርእይቶታቶም፡ ትዕዝብቲታቶምን ትንታነታቶምን ከኣ እዚ ዘቕረብናዮ እዩ።